
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ. 7 | ሰንበት 8 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ ዝተመሃርኩዎ...

ገጽ 3
መልእኽቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብምኽንያት 8 መስከረም መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት


ገጽ 4
ብሕታውነት ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ኣገዳሲ ዲዩ ኸ?


ገጽ 5
ዕላልን ዕላሉን

ገጽ 7
ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ተዘራሪቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ6 መስከረም ኣብ በይጂን ምስ ኣቦ መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ተራኺቡ ተዘራሪቡ።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ብዛዕባ ክልተኣዊ ዝምድናን ህልው ኩነታት ሱዳንን ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘትዩ።

ፕረዚደንት ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ንልኡኽ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ህዝቢ ኤርትራን ንህዝቢ ሱዳን ንዘርኣይዎ መትከላዊ ደገፍ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣቶ ጺጋይ ተስፋጽዮንን፡ ብወገን ሱዳን ድማ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣ'ሰይድ ሑሴን ዓወድ ዓሊ፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ዶ/ር ጅብሪል ኢብራሂምን ኣምባሳደር ዑመር መሓመድ ሰዒግን ተሳቲፎም ነይሮም።



## ብሚኒስተር ተስፋይ ዝተመርሐ ልኡኽ - ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ሚኒስተራት ኣከባቢ ተሳቲፉ

ብሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ "ናይ ኣፍሪቃ ዓቕሚ ተጻዋርነት ደርቂ፡ ምምሕያሽ ምድረበዳትን ብርሰት መሬትን ኩብ ምግባል" ብዝብል ቴማ ብ5ን 6ን መስከረም ኣብ ኣቢጃን - ርእሰ ከተማ ኣይቮሪኮስት ኣብ ዝተኻየደ 10ይ ፍሉይ መጋባእያ ሚኒስተራት ኣከባቢ ሃገራት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ።

እቲ ፍሉይ ኣኼባ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ - ብርሰት መሬት፡ ምድረበዳትን ደርቅን ንምምሕያሽ ከወስድኦ ብዘለዋ ዘሎ ስጉምቲ፡ ብቑጽሪ ክኢላታት ኣብ ዝቐረበ እማመ ዘትዩን ኣጽዲቑን።

ሚኒስተር ተስፋይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኤርትራ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 33 ዓመታት፡ ናይ ገጠር ኮሚት፡ ኣህዱታት ሓይልታት ምክልኻል፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ብዘሳተፍዎ ስራሕ፡ ኣብ ምፍዋስ ዝበረሰ ኣከባቢ፡ ምምሕያሽ ደርቅን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳትን ዘመዝገበቶ ዓወት ብኣብነት ዝጠቐሰ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ኤርትራ ዝተሳለጠ ዕማም ዝሕሉ ደኣ ይኹን'ምበር፡ ብሕጂ ክዕመም ዘለዎ ስራሕን ክምዝገብ ዝግብኦ ዓወትን ዝጸንዐ ምዃኑ ብምምልካት ድማ፡ ኣከባቢ ንምክልኻልን ዝበረሰ መሬት ንምፍዋስን ንወለዶታት ዝቕጽል ሃገራዊ ዕማም ንምርግጋጽ ሰለዚይሕደግ - ዜግነታዊ ግዴታ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ግሎባዊ መኸተ ኣንጻር ዓለማዊ ክሊማዊ ለውጢ፡ ቀዳም ቀዳድም ዓቕምታተን ኣወሃሂደንን ኣሰሊፈንን ክሰርሓን ክተሓባበራን ኣገዳሲ ምዃኑ ብምዝኽኻር እውን፡ ምዕቡላት ሃገራት ጠንቂ ለውጢ ክሊማ ዝኾነ ናብ ኣየር ዚተፍኣኦ ብከላ ንምጉዳልን ብሰንኪ ለውጢ ክሊማ ይሃስያ ንዘለዋ ሃገራት ዝተመጣጠነ ተኽእሎታውን ቴክኖሎጂያውን ደገፍ ንምቕራብ ሞራላዊ ግዴታ ከምዘለወን ኣገንዚቡ።



## መድረኽ ዘተ 'ፍትሒ፡ ልምዓትን ጂኦፖለቲካን ቀርኒ ኣፍሪቃ' ተዛዚሙ

ሚኒስትሪ ፍትሒ ዘወደቦ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለን መድረኽ ዘተ 'ፍትሒ፡ ልምዓትን ጂኦፖለቲካን ቀርኒ ኣፍሪቃ' ትማሊ 6 መስከረም ተዛዚሙ።

ሚኒስተር ፈውዚያ ሃሽም ኣብ ዘስመዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ ህዝቢ እዚ ዞባ - ፍትሒ፡ ሰላምን ርግኣትን ከማዕድልዩ፡ ድልዱል ስርዓተ-ፍትሒን ልምዓትን ንኸረጋግጽ ድማ፡ ብዕቱብ ምስራሕ መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ተመኩሮን ሓሳባትን ንምልውዋጥ ኤርትራ ንዘወሰደቶ ተበግሶ፡ ከምኡ'ውን ንዝተራእየ ንጡፍ ተሳትፎ ናይ ኩሉም ኣካላት ኣመስጊኖም።

ኣብ'ዚ መድረኽ ዘተ፡ ብኤርትራውያንን ወጻኢተኛታትን ክኢላታት፡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ኣብ መድረኽ ዘተ 'ፍትሒ፡ ልምዓትን ጂኦፖለቲካን ቀርኒ ኣፍሪቃ'፡ ካብ ኤርትራ፡ ሴኔጋል፡ ኢጣልያ፡ ሊባኖስ፡ ኢትዮጵያ፡ በልጅዩም፡ ፈረንሳን ኬንያን ዝመጽኡ ክኢላታት ሕግን ተዛመድቲ ዓውድታትን ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ምስ'ቲ ዛዕባ ምትእስሳር ዘለዎም ኣካላትን ተሳቲፎም።



## ኣብ ፎሮ፡ ልምዓታዊ መደባት ይነጣጠፉ ኣሎ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓሪፋ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማለ ዝስላሰል ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ብዘለዓለ ወህደት ክቕጽል ጸዊዑ።

እቲ መደብ፡ ካብ ሩባ ኩማይለ ዝወርድ ወሓይዝ ንምእላይ ብኣብዑርን ጉልበት ሰብን ዝስራሕ ዘሎ መእለዪ ወሓዚን ጀርፋትን የጠቓልል።

ነርቲ፡ ማሽነሪ ከይተጸበዩ ንዝሰላሰልዎ ዘለዉ ስራሕ ዘመጕሰ ኣቶ ዑስማን፡ በብከበኡ ክስዕብ ኣዘኻኺሩ።

በቲ ኣሰታት 150 ነበርቲ ዝሳተፍዎ ዘለዉ ስራሕ፡ ኣሰታት 1,600 ሜትሮ ንውሓት፡ 2 ሜትሮ ቁመትን 2 ሜትሮ ጉድኒን ዘለዎ መእለዪ ወሓዚን 400 ሜትሮ ጀርፋትን ይስራሕ ከምዘሎ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማለ ኣቶ ሮሞዳን ዓሊ ገሊጹ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣይሮማ፡ ብሩባታት ኩማይሉ፡ ሩባሓዳሰን ዓሊ-ገደን ዝሰቲ ልዕሊ 400 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ኣሎ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣብ ጕዕዞ ትምህርተይ ዝተመሃርኩዎ...

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ኵርናዕ ተመሃሮ፡ ኣብ ጕዕዞ ትምህርትኹም ብፍሉይ "እዚ ተማሂረ" ትብሉዎ ህይወት፡ ፍልጠት፡ ንቕሓት፡ ፍልስፍና፡ ወዘተ. ስሕት ኢልና ካባኹም ናባኹም ከነቕርብ ጸኒሕናን ኣለናን። ኣብ ጕዕዞ ትምህርትና፡ ይንኣስ ይዕበ፡ ክንዛረበሎም እንኽእል ሓያለ ዝተማሃርናሎም ነጥብታት ወይ ጉዳያት ከህልው ንቡር እዩ። ብመገዲ እዛ ዓምዲ ተመኵሮኹምን ፍልጠትኩምን ከም ቀደምኩም ከተካፍሉና ዕድመና'ዩ። ንሎሚ፡ ቅድሚ ኮለጅ ምእታውካ ብዛዕባ ኮለጅ ሓፈሻዊ ስእሊ ክህቡ ዝኽእሉ ሓሙሽተ ነጥብታት ዝሓዘ ጽሑፍ ከነቕርብ ኢና።*



### 5 – ዩኒቨርሲቲ ቅድሚ ምእታውካ ክፈልጦም ዝነበረኒ ነጥብታት ፧

ኮለጅ ምስ ኣተኻ ዘላ ቀዳማይቲ ዓመት፡ ኣብ ናይ ትምህርቲ ህይወትካ እታ ዝኸበደት ኣጋጣሚ ክትከውን ትኽእል እያ። ቀዳማይ ዓመት፡ ካብኡን ናብኡን'ውን ቀዳማይ ሰሚስተር፡ ኣዚኻ ስለ እትጋየሽ ግዲ ኸይኑ፡ ከም ዝሓለፈ ጕዕዞ ትምህርትኻ ጥዕምትን ምልእትን ኰይና ኣይትሓልፍን እያ። ዘይትጽበዮ ጌጋታት ክትፍጽም ከኣ ንቡር ይመስል። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለ ተመኵሮ'ዩ ዘሎ። ንድሕሪት ተመሊሰ ዩኒቨርሲቲ ዝኣተኹሉ ግዜ ክዝክር እንከለኹ፡ "እዋይ ከምዚ ኢሉ ዝመኽረኒ ረኺበ ነይረ እንተ ዝኸውን፡" ዝብለን ሓሙሽተ ነጥብታት ኣለዋ። ከምዚ ኸማይ እንተ ኼንኩም፡ እዘን ሓሙሽተ ነጥብታት ክሕግዛኹም ተስፋ እገብር። ሰናይ ንባብ!

#### ናፍቖት ፧

ካብ ማእከል ማሙቕ ገዛኻ ወጺእካ፡ ህይወት ዩኒቨርሲቲ ብዝወሰደካ እምበር ከምቲ ቀደምካ ኣይትኸይድን ኢኻ። ንገዛኻ ምኻድ መዓስ ተርክበሉ፣ ህይወት ዩኒቨርሲቲ ጉያ ጉያ እንድያ። ብፍላይ ቀዳማይ ሰሚስተር ክሳዕ እትሓልፍ ዝነበረ ኤው-ነጀው መሰክሒ'ዩ ነይሩ። ሃንደበት እታ ማሙቕ ቤትካ ትረኣየካ። "ክትናፍቒ ትኽእሊ ኢኺ'ሞ ካብ ሕጂ ተዳለውሉ፡" ዝብለኒ ረኺበ ነይረ እንተ ዝኸውን ቀምነገር'ዩ። ኣብዚ ሎሚ ግዜ ናብ ኮለጅ እንጽንበር ተመሃሮ፡ ዳርጋ ንዓመት ምሉእ ኣብ ሳዋ ኣሕሊፍና ስለ ዝመጽኡ፡ እዚ ናይ ናፍቖት ስምዒት ሎሚ ግዲ ኣይገብርሉን ይኾኑ።

#### ካልኣይ ደረጃ ንኮለጅ ብመደብ ኣየዳልወካን እዩ ፧

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝነበሩ መምህራንና ኵሎም ብተመሳሳሊ መገዲ ብኮለጃት ወይ ዩኒቨርሲቲ ዝሓለፉ እዮም። ምናልባት ብሓፈሻ ክንዛረብ ኣይንኽል ንኸውን እምበር፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምህላው ማለት ብድፉኑ ኣመና ኣመና ብርቱዕ ምኻኑ ይነግሩና ነይሮም። ግና ኣብቲ ትምህርቲ ብፍላይ ካብቲ ጸቕጢ ናይ ቀዳማይ ዓመት ምስ ተገላገልካስ፡ ኣብ ገለኡ ካብቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝተመሃርካዮ ዘይከብድ ትምህርቲ ይጸንሕ እዩ። ኣብ ገለ እዋን እንተ ጽዒርካ "A"፡ መጢንካ ጽዒርካ'ውን "C" ትረኽበሉ ምኽንያት ክትፈልጥ ይከኣል። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምጽዓር ከም ዘድልየካ ኣየካትዕን። ግና ክንዲ'ቲ ንፈርሖ ዝነበርናስ ክንፈርሕ ኣምበይ ምተገብኣን ይመስለኒ።

#### ንኮለጅ ድሉው ዘይምጽናሕ ፧

ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ፡ ዋላ ንፉዕቲ ኲይነ ብልጫ እናወሰድኩ ይመጽእ ይንበር፡ ትርጉም ትምህርቲ ብልክዕ እርድእ ኣይነበርኩን። ከም ውሑጅ ንቕድመይ'የ ዝጓዓዝ ነይረ። ኣብ ገዛና ዝነበረኒ ደገፍን ናጽነትን ኣብቲ ናይ ምስግጋር መድረኽ ሓጋዚ'ኳ እንተ ነበረ፡ ገና ግን ድልውቲ ኣይነበርኩን። ካብ መዳቕስትኻ ወጺኢ ዝከታተለካ ዘይብልካ ክሳዕ ዝስወጠካ ቀሊል ኣይኰነን።

#### ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ትደኽሞ ዝነበርካ ንኻዕሊ ክትደክም ምኽንያት ምፍላጥ ፧

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዘሎ ሃልኪ ምስ ናይ ኮለጅ ሃልኪ ክወዳደር እንከሎ ፍልልይ ክህልዎ ንቡር'ዩ። ኣብ ገዛኻ ኴንካ ኣብ ትመሃረሉ ግዜ እቲ እተዕርፎ ዝነበርካ ኣብ ኮለጅ ብዙሕ ኣይትረኽቦን ኢኻ። ብፍላይ ክሳዕ እትላመዶ ዘሎ ግዜ ናብዝን ናብትን ትመናጠል ኢኻ። ዝያዳ ክትደክም ምኽንያትካ ምፍላጥ'ውን መድለየ። ወሳኒ እዩ። ከምቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኮለጅ'ውን ከምኡ። ኣብዚ ዓምዲ ክወጽእ ዝቐንየ ጽሑፋት ንህይወት ኮለጅ ኣካቢዱ ዘርኢ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩም ከምኡ ኣይኰነን። ኣብ ኮለጅ ዝያዳ ካልኣይ ደረጃ ኣተኵሮ ይሓትት። እቲ ኣድካሚ ኰይኑ ከም ዘስመዓካ ዝገብር ከኣ ኣብቲ እትኽተሎ ኣገባብ ኣጸናንዓኻ፤ ግዜ መጽናዕቲ፡ ኵነታት እተጽንዓሉ ቦታ፡ እተጽንየ ሰዓታትን ካልእን ዝያዳ ተወፋይነት ስለ ዝሓትት'ዩ።

#### ውጽኢታዊ ኣገባብ መጽናዕቲ ምኽታል

ኣገባብ ኣጸናንዓ ኣብ ኵሉ ደረጃ

እዘን ሓሙሽተ ነጥቢታት ካብ ካልኣይ ደረጃ ክሰግር እንከለኹ ኣቐዲመ ክምከረን ዝነበራኒ ኰይነን ይስመዓኒ።

መም. ኮኾብ መሓረና

> **"ነብሰይ እፈልጣ ድየ?"**
>
> ... ቅድሚ 10 ዓመት'የ ናብ ኮለጅ ማይነፍሒ ተጸንቢረ። ብሓፈሻኡ ላዕለዋይ ትምህርቲ ክኸብድ ምኽኑ ካብ ቀደመይ ዝጸበዮ'ዩ። ግና ከም ትጽቢተይ ከቢድ ኣይነበረን፣ ካብቲ ኮለጅ ዝጠልቦ ጻዕሪ ንላዕሊ ዝጠልብ ካልእ ፈተና'ዩ ገጢሙኒ። ኮለጅ ልክዕ ከም ሃይስኩል ዝተቐረበልካ ትምህርቲ ገጢምካ ጥራይ ኣይኰነን ዝሰገር፣ ባዕልኻ ከም ትመሃርን ከም ትመራመርን ይገብረካ'ዩ፣ እዚ'ውን ምስ ግዜ፡ ድሰፕሊን ገይርካ ክምለኽ ዝኽእል ጸወታ'ዩ።
>
> ኣብ ፈለማ ዓመት ኮለጅ ዝተቐረበልና፡ እቲ ኮለጅ ክምረሉ ኣዳልይዎ ዝነበረ ዝርዝር ዓውደ-ትምህርታት ነይሩ። እቲ ዝርዝር ካብ ምብዝሑ ዝተላዕለ፡ ሕውዝውዝ'ኳ እንተ ኣበለኒ፡ ኣብቲ ዝፈልጦ ዓውድታት ክመርጽ'ውን ትብዓት ስኢነ። ኣየናይ ዓውዲ ከም ዝደሊ ክፈልጥ ኣይከኣልኩን። ብኻልእ መልክዕ፡ ድልየተይ እንታይ'ዩ? ክነብረሉ፡ ክዓብየሉ፡ ንሕብረተሰበይ ከገልግለሉ ዝደሊ ዓውዲ ኣየናይ ምኳኑ ኣይፈልጥን ነይረ። ብኻልእ ኣገላልጻ'ውን፡ ነብሰይ እፈልጣ ኣይነበርኩን። ...
>
> ሙኒራ ኣልኣሚን - ኣስመራ

> **"ድልየታትካን ንጹር መረዳእታ ህይወትካን"**
>
> ... ኮለጅ መቐይሮ ኣተሓሳስባ ዝረኣኽሉ መድረኽ እዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይኸውን ቅድሚኡ፡ ኣብ ህይወት ንጹር መረዳእታ ክሕዝ ኣይከኣልኩን ነይረ። ኣረ ከምኡ ኢለ'ኳ ኣይሓስብን። ኮለጅ ምስ ኣተኹ ብዛዕባ ህይወተይ ኣዕሚቐ ክሓስብ ክኢለ። ምስ ዕድመ ዝመጽእ ነገር ይመስል ይኸውን'ዩ፣ ግን ከኣ ኣብ ኮለጅ ኩነ ቅድሚኡ ኣብ ንእሱ ዕደመኦም ሕቶ ህይወቶም ክምልሱ ዝፈተኑን ዝኸኣሉን ብዙሓት ኣለው። ዕድመ'ዩ ናብኡ ኣብጺሑኒ ኣይብልን። ናይ ህይወት ጻውዒተይ ኣየናይ'ዩ ክደሊ ጀሚረ። ኣብ ኮለጅ ዝሓልፉ ናይ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመታት ትምህርቲ፡ ኣካዳሚ ጥራይ ኣይኰንኩን ጸጊበለን ወጺአ። ውዒለ ሓዲረ ክምልሶ ዘለኒ ሕቶታት'ውን መልሶም ክደሊ ዕደል ረኺበ። ኣብ ኮለጅ፡ ካብቲ እተጽንዖ ዓውዲ ክትመርጽ ኢልካ፡ "ኣየናይ ይሕሸኒ?" ብምባል ንነብስኻ እትሓቶ ሕቶ ኣትሒዙ፡ ናብ ድልየታትካን ንጹር መረዳእታ ህይወትካን ይመርሓካ'ዩ፣ እንተወሓደ ንዓይ መሪሑኒ ኣሎ። ...
>
> ዳናይት ኤፍረም - ኣስመራ

#### ዳእላ ተመሃሮ



A man talking to God:

The man: "God, how long is a million years?"

God: "To me, it's about a minute."

The man: "God, how much is a million dollars?"

God: "To me it's a penny."

The man: "God, may I have a penny?"

God: "Wait a minute."

***

ሜሪ ማና

#### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ኢድካ ኣብ ርሱን እቶን ንሓደ ደቒቕ ኣቐምጥ፣ ሓደ ሰዓት ከም ዝጸንሓካ ኰይኑ ክስመዓካ'ዩ። ምስ ተፍቅሮ ሰብ ንሓደ ሰዓት ኮፍ በል፣ ደቒቕ ኮፍ ዝበልካ ኰይኑ ክስመዓካ'ዩ።

እዚ'ዩ ድማ ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት።"

- Albert Eintein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጸ. 1284

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ብሕታውነት ኣገዳሲ ዘኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ኣገዳሲ ዲዩ ኸ?

ብሕታውነት ደስ ዘብሎም ብዙሓት ሰባት ኣለው። እዚ ኩነት'ዚ ነዐኦም ዝበለጸ ሃዋህው ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ሓደ ሓደ ግዜ ብዝዕባዚ ምስ እትሓቶም ዝህብዎ መልሲ፡ "ብሕታውነት እቲ ዝመቅረ'ዩ ንጉደይ። እንተኾነ ሰብ ጸሊኣ ዘይኮነ ንብሕተይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ውሽጠይ ሰላም ስለዝሰፍነ፣ ኣእምሮይ ካብ ዋጭዋጭታ ኣዕረፉ ክይተሰከፈ ናጻ ኮይኑ ሓሳባት ከሰላስል ስለ ዝኽእል እዩ። ከምኡ ድማ በይነይ ክኸውን እንከለኹ፡ ሕሉፍ ዛዕባታትን ህሉው ኩነታት ጉዕዞ ህይወተይን ክድህስስ ባይታ ዝፈጥረለይ መሳጢ ኩነት ኮይኑ ስለ ዝስመዓኒ እዩ . . ." ክብሉ ይሰምዑ። ዋላ ደኣ ንብሕታውነት በዚ መንገዲ'ዚ ክገልጽዎ ይሰምዑ'ምበር፡ ኣብዚሖም 'ኩሉ ግዜ ባሕታዊ ኩን' ማለት ከምዘይኮነ ግን ይምጉቱ እዮም።

ዘለካ ዓቕሚታት ብምልኣት ንኽትፍትሾ፡ ሓሳባትካ ንኽተኻፍዝብ፡ ከምኡ ድማ ህይወትካ ብልጹቲ ኮይና እትጉዓዘሉ ባይታ ንምጥጣሕ ብሕታውነት ኣገዳሲ እዩ። ብሕታውነት ሓሳብ ከተውርድን ከተደይብን ዕድል እትረኽበሉ ኣዛናዩን መርሚርን እዋን ብምዃኑ፡ ብብዙሓት ዝህረፍ ሃዋህው ተባሂሉ ይግለጽ እዩ።



ኣብ ማሰርሕ ጉዕዞ ህይወት ብዙሓት ሰባት ንወሰኑን ግዜ ምሳና ሓቢሮም ክጉዓዙ ይጸንሑ'ሞ፡ ጠንቁ ብዘየገድስ ካብና ምስ ተፈልዩ ካብ ህይወትና ዝወጽኡሉ ዕለት ዝኣኸለ ኮይኑ ምስ ዝሰመዓና ክንኣልዮም ንርእ ኢና። ምስ ብዙሓት ሰባት ዝተፈላለየ ኢጋጥሚታት ብዘመባቡሱ ኩነት ክንሳለ ንኽእል ኢና። እንተኾኑ ምስ ኩሎም ኣይንቐጽልን። ይንዋሕ ይሕጸር፡ ይዕበ ይንኣስ፡ ንዕበየት ዝምድናኻ ዝዕንቅፍ ገለ ነገር ምስ ዘጋጠፈ፡ ዝምድናኻ ምስ'ቶም ጸቡቕ ርክብ ዘይብሎካ ሰባት ካብቲ ንበር ንታሕቲ እናንቆልቆለ ክኸይድ ምርኣይ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን።

እዞም ብዘተፈላለየ መንገዲ ዝተሓለኸዮም ሰባት ይኸኑ ነገራት፡ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ክትርሕቖም ዘገደደካ ሃዋህው ንኽትገብር ከኣ ናይ ብሕታውነት ግዜ ኣገዳሲ እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት ገለ ክፋል ታሪኽ ህይወትካ ብምዃኖም፡ ክብሪ ክትህቦም ግቡእ እዩ።

ሰባት ብዘተፈላለየ ምኽንያት ክርሕቑኻ ይኽእሉ እዮም፣ ቀምታ ግና ኣይትሓዘሎም። ብዙሕ ክትከስሉን ኣብ ረብሓኻ ከተውዕሎን እትኽእል ግዜ ኣሎካ። እቲ ኩነትን ደረጃ ዕድመኻ ንሰባት እናልዓልካ ከምዚን ከምቲን ገይርካ ኣብ ምግል ክተጣጥር ግቡእ ኣይኮነን። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ ቀረብትኻ ብዝዕበ ተይም ኣብ ህይወትካ ገለ በሰላ ሓዲጎም ዝሓለፉ ሰባት ዘኩርካ ከተዕልሎም ምፍታን ጸቡቕ ዘይኮኑ ይኽእል እዩ። ኣብ ክንድኡሱ ካብ ከምዚኦም ሰባት ብምፍልላይካ ኣብ መጻኢ ክትረኽቦ እትኽእል ዕድል ንምምዝጋዝ፡ ምስ ጉዳ ርእስኻ እትመያየጠሉ ናይ ብሕታውነት ግዜ ከም ዘድልየካ ብምዝካር ግዜኻ ክትጥቀመሉ ይበልጽ።

ምስ ነፍስኻ ምትእስሳር ማለት፡ ንዕበየትካ ቀዳምነት ምሃብ እዩ። ንነፍስኻ ዘድልየካ ግዜ፡ ኣቓልቦን ትኹረትን ምሃብ ድማ ህሉው ኩነታትካን መጻኢ መደባትካን ኣብ ምምዕዛን ኣገዳስነት ኣለዎ። እዚ ከዉን ንምግባር ከኣ'ዩ ናይ ብሕታውነት ግዜ ክህልወካ መሰረታዊ ጠቕታ ዝኸውን።

## እተመሳቐለ ቃላት ስርሑ


**ንጋድም**

1. ቴማ መዓልቲ ናጽነት 2023
8. ናይ ጣዕሳ ቃል (ብዮዝምጣል)
10. ካብ ርስዕቲ 2 ፊደል
11. ታሪኽ ብእንግሊዝ
12. ሓወሲ፡ ጸንበረ (ፋሕ ዝበለት )
13. ካብ ቀያሕ 2 ፊደል
14. ተዘራረበ፡ ተረዳዳአ
15. ኢንጅነር
17. ሓፍቲ ሰብኣይ
18. ...እናበሉኻ ዶ ትጋገ
19. ካብ መንሁብ 3 ፊደል
20. ዘንግዐ፡ ሃዝለ (ብዮዝምጣል)
22. ኮፍ መበሊ፡ መቐመጢ
24. ኣለዩ፡ ተኸናኸነ
26. ካብ ሳዕሳዒ 2 ፊደል
27. ትንቢት ተናጋሪ፡ ብቑዕ ጻድቕ
28. ብሳዕሪ ዝተኸደነ ገዛ
29. ብዚንጎ ዝተኸደነ ገዛ
31. ሃጢሩ
32. ተዛረብ
34. ውራይ፡ ግብጃ
35. ናይ ቅብኣት እኽሊ
36. ዕረ ዝመስል ቀርጺ ዘለዎ ተኽሊ
38. ሙብልዒ ኣካላ (ብዮዝምጣል)
40. ኣብ መንገዲ ባጽዕ ትርከብ ን/ዞባ
42. ፈሳሲ ዘለዎ ዕምባብ
44. ሓፈሱ
46. ረጉድ በትሪ
48. ካብ ክፍሊ ኣካልና መግቢ እተደቕቕ
50. ሓውሲም
51. ውሳድ ጤል፡ ጥቦት

(ኣዳላዊ ኢሳያስ ያቆብ ካብ ሃብሳኤ

**ንትኹል**

1. ጽልኢ
2. ዋጭ ዋጭ፡ ዕግርግር
3. ስም ጓል
4. ሰዓ
5. ፈሳሲ፡ መርወዩ፡ መጥለሊ
6. ካብ ኣንስትዮ 2 ፊደል
7. ቀው ዝበለ፡ ዘይልዙብ (ብዮዝምጣል)
8. ባይታ (ብዮዝምጣል)
9. ዓይነት መግቢ
12. መፍረ ንህቢ፡ እንዳ ንህቢ
14. ቀዊደዩ፡ ፈሐሰዩ (ንገመድ )
16. ምእላይ ኑዩግዚ
21. ፈጥፈጥ፡ ቀጥቀጥ
22. መሳሃዪ
23. ሓረዱ
24. ማስተዪ ጸባ
25. ብሓዊ ዝጠፍኣት ከተማ (ካብ ጥንቲ )
27. ከም ቁ. 27 ንጋድም
28. ኣሳስዩ
30. ቦርሳ ብእንግሊዝ
31. ናይ ሕማም ዓይነት
33. ልኹዕ
37. ናይ ገረብ ስም
38. ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ብኣሕጽሮት (ብዮዝምጣል)
39. ትሕቲ ባዶ
41. ጸጉርና ንእለ
42. ወላ ሓንቲ
43. ሃፈፉ፡ ተወዲኡ፡ ...ኢሉ ፡
45. ዝተዘርአ ግራት
48. ዓይነት ጸብሒ
49. በሊሕ መላጺ



## "ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ ማእዝን ኮነ"

ኣብ ሓደ ማካይን ዘፍሪ ትካል ዝሰርሕ መሃንድስ ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ብልጹቲ ዝኾነት ማኪና ክትስራሕ ንድፊ ኣቕረበ። ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ንድፊ ማኪና ተሰሪሓ ንምርኢት ድልውቲ ኮነት። ማናጀር ናይ'ቲ ትካል ብሓሳብን ፈጠራዊ ክእለትን እቲ መሃንድስ እናተገረመ፡ ነቲ መሃንድስ ልዑል ክብርን ኣድናቖትን ሃቦ።

መስርሕ ምስናዕ ናይታ ብልጽቲ ተባሂላ ዝተጠቕሰት ሓዳስ ሞዴል ማኪና ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ናብ መርኣዩ ክፍሊ (Showroom) ናይቲ ትካል ንምኻድ ካብቲ ጋራጅ ክትወጽእ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን ሓደ ሽግር ተፈጥረ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብራኽ ናይታ ማኪና ካብቲ መውጽኢ ማዕጾ ናይቲ መርኣዩ ክፍሊ ክልተ ኢንች ይነውሕ ብምንባሩ፡ ክትወጽእ ኣይከኣለትን።

እቲ መሃንድስ ዝ ኣቐዲሙ ብዘይምሕሳቡ ሕማቕ ተሰምዖ። ማናጀር ናይቲ ትካል'ውን ብተመሳሳሊ ጉህዩ። ልዕሊ ኩሉ ግና፡ እዛ ማኪና ብኸመይ ክትወጽእ ከም እትኽእል ኣብ ከቢድ ሓሳብ ክጽመዱ ግድን ኮነ። ድሕሪ'ዚ ሃንደበታዊን ዘይትጸበታዊን ኩነት፡ ኣብ መላእ እቲ ትካል ነውጺ ተፈጥረ። ማናጀር ከኣ፡ ፍታሕ ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ንዝኣመነሎም ኩሎም ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ክኢላታት ኣከቦም።

ኣብቲ ትካል ሕብረ ማካይን ኣብ ምልካይ ዝጥፍ ቀባኢ ነቲ ኩነት ብምስትብሃል፡ እታ ማኪና ካብዚ ቦታ ክትወጽእ እንተ ፈቲና ብላዕሊ ምጭፍላቓን ምልሕጻጻን ክገጥማ ከምዝኽእል ብምጥንቃቕ፡ ከይተበላሓትካ ነታ ማኪና ምውጻእ ፈጺሙ ከምዘይከኣል ሓበረ። ኣሰዒቡ ድማ እቶም መሃንድሳት ተሰኪ ክይቀረጹ ነቲ ላዕለዋይ ክፋል መንደቕ ናይ'ቲ ኣፍ-ደገ ብውሑድ ዓቐን ብምፍራስ ነታ ማኪና ከውጽኡዋ፡ ምስ ወጸት ከኣ ዳግማይ ክዕረ ሓሳብ ኣቕረቡ። እዚ ሓሳብ ግን ቡቲ ማናጀር ናይ'ቲ ትካል ተቐባልነት ኣይረኸበን። ምፍራስ ኣፍ-ደገ ነቲ ጋራጅ ጸቡቕ ክኸውን ከምዘይክእል ብምምዃት፡ ነቲ ሓሳብ ውዱቕ ገበሮ።



እቶም ክኢላታት ኣብ ከምዚ ፈታኒ ህሞት እንከለዉ፡ ነቲ ዝህብዎ ዝበሩ ሓሳባትን ርእይቶታትን ጥራይ ክሰምዕ ዝጸንሐ'ሞ፡ ዝኸውን ፍታሕ ከምጽኡ ከምእተጸገሙ ዘስተውዓለ ዋርድያ ናይቲ ትካል፡ ናብቲ ማናጀር ገጹ ክስጉም ተራእየ። ናብኡ ቀርብ ኢሉ ድማ፡ "ፍቓድካ እንተኾይኑ መፍትሒ ናይዚ ሽግር ዝበልኩዎ ሓንቲ ሓሳብ ከቕርበልካ" ክብል ተወከሰ።

ኩሎም ሞያውያን ናይ'ቲ ትካል ተኣኪቦም ክፈትሕዎ ዘይከኣሉ ጉዳይ፡ እዚ ዋርድያ ብኸመይ ክፈትሖ ይኽእል ዝብል ሓሳብ ድማ ኣብ ርእሲ ነፍሲ-ወከፎም ይጋማዳሕ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ መፍትሒ ሓሳብ ናይቲ ዋርድያ እንታይ ምዃኑ ንምስማዕ ድምጺ ዘወደቐት መርፍእ ከሰምዕ ዘኽእል ጸጥታ ኣብቲ ጋራጅ ሰፈነ።

እቲ ዋርድያ ኣፉ ብምኽፋት ካብ ልሳኑ ዝመንጨወ ቃላት ኣብ እዝኒ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል ክቃልሕ ጀመረ።

ሓሳቡ፡ "እዛ ማኪና ብውሑድ ኢንች ጥራይ'ያ ካብ ኣፍ-ደገ እዚ ህንጻ በሪኻ ዘላ። ስለዚ፡ ንጎማታ ኣየር ናይቲ ጎማ ምስ ትቕንሰዎ ወይ ምስ ተንፍሰዎ፡ ብራኽ ናይታ ማኪና ብዝይጥርጥር ንታሕቲ ስለ ትቕበል እዩ። ሽዑ እታ ማኪና ብቐሊሉ ክትወጽእልኩም እያ" ዝብል ነበረ። ድሕሪ'ዚ፡ ሓሳብ ናይቲ ዋርድያ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዘመልክት - ነቲ ጋራጅ ዘናወጸ ድምጺ ጣቕዒት ተሰምዐ። ከም መርኣያ ሓጎሶም ብርቂ ኣተሓሳስባ እቲ ዋርድያን ድማ ብኢዶም ኣትረርም እናጨበጡ ሰላምታ ክምጥወሉ ተራእዩ።

ኩሉ ግዜ ዝኾነ ሽግር ብሞያውያን ጥራይ ክትፈትሖ ኣይትድለ። ምኽንያቱ፡ ንገራት ኣጻቢቕና ካብ ዘይምስትብሃል ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ኮይናም ንኽቕጽሉ ባይታ ክንፈጥር ስለ ንኽእል። ስለዚ ድማ ኢና ወትሩ ንገራት ብኹሉ መለክዒታት ክንጥምቶም እንሕተት። ብተወሳኺ፡ ንሓደ ነገር ኣብ ክንዲ ብክኢላታት ጥራይ ክፍታሕ ከምዝኽእል እምንቶ ምሕዳር፡ ንተደላዪ ኩነት ኣብ ግዚኡ ክፈትሕ ዝኽእል ተራ ሰብ'ውን ኣብ ከባቢኻ ክህሉ ከምዝኽእል ዘይምዝንጋዕ። ከምቲ "ነደቕቲ ዝዐቕዎ ርእሲ ማእዝን ኮይኑ ወጸ" ዝተባህለ፡ ንዝኾነ ሰብ ኣይትንዓቕ።

ስለዚ፡ ኣብ ሂወት'ውን ብተመሳሳሊ ከምዚ ኪጋጥም ስለዝኽእል፡ መፍትሒ ንምርካብ ኣፍኩስካ ሕሰብን ኣዕሚቕካ ኣስተንፍስ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነገራት ንምስትኽኻል ኣተሓሳስባኻ ብምዕራይ፡ ንህይወት ሕልኽላኻታ ኣውሒድካ ኣስተማቕር።

## ክሳራ ከባቢ

ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ፡ "ክሳራ ከባቢ'ዩ'ም እዚኦም፣ ከም ብዓል እዚኣቶም ብሓቂ'የ ዝበለካ ክሳራ ከባቢ እዮም!" እናበሉ ኢዶም እናዝጸጉ ክኸዱ እንከለዉ ዝሰምዖም ሓደ መንእሰይ፡ "እሂ ደኣ ደሓን ዲኹም ኣቦይ ባሻይ? እንታይ ተረኺበ? እዞም ክሳራ ከባቢ ትብልዎም ዘለኹምከ ብዓል መን'ዮም?" ብምባል ኣድራጋ ሕቶታት ኣቕረበሎም።

እቶም ሽማግለ ሰብኣይ ከኣ፡ "ወይለይ ኣቦኻ፡ ክሳራ ከባቢ ደኣ፡ ዘየፍሪ ምህሮ

ብድንቁርናኡ ዝፍሳሕ መሃይም
ነፍሱ ዘይኣሊ
ሃብታም መስተማሰሊ
ዕቡይ ድኻ
ምሉእ ጥዕና ዘለዎ ለማኒ
ሕማቕ ዝጠባዩ መልከዐኛ"

ኢሎም መለሱሉ ይበሃል። ንስኹምከ ክቡራት ኣንበብቲ፡ 'ክሳራ ከባቢ ከመይ ዝበሉ እዮም' እንተ ትብሃሉ ብኸመይ ምገለጽኩሞም?

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

Cost Control Superintendent:

- Number Required – One (02)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES

(1) Prepare construction budget, design variation cost calculation, site work completion acceptance, and cost budget claimed with the Employer;
(2) Conduct project cost management, and review the project progress payment and design changes of each project item;
(3) Prepare the project audit report, and be responsible for the project situation connection with the Employer;
(4) According to the relevant national and local finance policies, accounting and auditing regulations and the implementation of the project, responsible for the project budget and settlement audit work, as well as the whole process of the cost control work;
(5) Participate in the completion settlement, prepare and submit the completion settlement document;
(6) Complete other work assigned by the project leader.

Qualification Requirement

Education:
Master degree or above in Ffinancial management, Accounting, Auditing

Work Experience:

□1□1 year working experience of cost control in mining project is required.

□2□2 year or above working experience in international companies is preferred.

Other skills and abilities:

- Excellent English language skills.
- Good at using finance software and cost control software such as Glodon Construction Cost software and UFIDA Finance software.
- Ability to work in culturally diverse working environments and able to work well with people from different countries.
- Good at EXCEL, PPT and another computer software.
- Understand the relevant accounting and auditing policies and regulations of both Eritrea and countries related to the parent companies.

Language:
□1□Language proficiency in English is required.

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper.

- Address: Please mail your application to following two addresses

1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.
   P.O. Box 6547 Asmara, Eritrea
2. Mineral Resources Management
   P.O. Box-272, Asmara

Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

**Deputy Finance Manger:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Emba Derho
- Type of contact: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Perform financial management duties including generating financial data, compiling, and submitting reports, producing financial reports related to budgets, account payables, account receivables, expenses etc.
- Prepare finance report and supportive financial data to assist auditing from both local authorities and from parent company.
- Creating and reviewing policies, budgeting of both local authorities and parent company and conducting regular assessments of financial procedures.
- Supervise the preparation of quarterly and annual account reconciliations, monitor, and enforce compliance with tax and financial reporting standards of both local authorities and parent company.
- Create strategic production plans based on the analysis of the company's status and financial forecasts. Developing strategies that work to minimize financial risk.

**Qualification Requirement**

**Education:**
Bachelor degree or above in financial management, Accounting, Auditing

**Work Experience:**

- 10 years and above experience in financial management.

**Other skills and abilities:**

- Excellent English language skills.
- Good at using finance software and cost control software such as Glodon Construction Cost software and UFIDA Finance software.
- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Ability to work well with people.
- Commercial and business awareness and with an analytical mind.
- Team management skills
- Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.


**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent though the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper.

- **Address: Please mail your application to following two addresses**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O. Box 6547 Asmara, Eritrea**
**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዋሕዲ ማዕድን ኣብ ኣካላት - ዑረትን ሕማማትን የኸትል

ኣብ ሓደ ሓዲሽ መጽናዕቲ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ህዝቢ ዓለም፡ ኑቶም ከም ካልሲየም፡ ሓጺን፡ ቫይታሚን ሲ፡ ማግኒዚየም፡ ኣዮዲን፡ ናያሲን፡ ቫይታሚን ኤ፡ ቫይታሚን ቢ፡ ታያሚን፡ ራይቦፍላቪን፡ ሰሊንዮምን ቫይታሚን ኢን ዝኣመሰሉ ንጥዕና ዘገድሱ ማዕድናት፡ ብውሑድ ዓቐን ይወስዶም ምህላዉ ተፈሊጡ።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዩኒቨርሲትታት ብዘርከቡ ተመራመርቲ እዩ ተኻይዱ። እዚ ንኹሉ ደረጃ ዕድመ ዘጠቓለለ መጽናዕቲ፡ ን185 ሃገራት ዝሳተፈ ምንጭ'ውን ተፈሊጡ።

ሕጽረት መኣዛዊ መግብታት ኣብ ዝማዕበላን ዘይማዕበላን ሃገራት ዝርአ፡ ብደረጃ ዓለም'ውን ኣሸጋሪ እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ጉዳይ ኰይኑ ኣሎ። ሕጽረት ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ መኣዛዊ መግብታት ድማ፡ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ዘቃልዕ ኰይኑ፡ ዑረትን ተላባዕቲ ሕማማትን ገለ ካብ'ቶም ብሰሩ ዝስዕቡ ጸገማት ምዃኖም ይጥቀሱ።

ኣብ'ቲ ዝተረኸበ መጽናዕታዊ ወጽኢት፡ 68 ሚእታዊት ካብ ተሳተፍቲ - ሕጽረት ኣዮዲን፡ 67 ሚእታዊት ዋሕዲ ቫይታሚን ኢ፣ 66 ሚእታዊት ሕጽረት ካልሲየም፡ 65 ሚእታዊት ድማ ዋሕዲ ሓጺን ከምዘለዎም ተለሊዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ራይቦፍላቪን፡ ፎሌይት፡ ቫይታሚን ሲ፡ ቫይታሚን ቢን ገለ ካብ'ቶም ኣብ ተሳተፍቲ ብውሑድ ዓቐን ዝተራእዩ ማዕድናት ኰይኖም ተረኺቦም።

ብተወሳኺ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ዚያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ብሕጽረት ኣዮዲን፡ ቫይታሚን ቢ፡ ሓጺንን ሰሊንዮምን ተጠቒዖን ከምዝተረኽባ ተገሊጹ። ብኣንጻር ናይ'ዚ ከኣ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ካብ ኣመጋግባኦም እኹል ዓቐን ካልሲየም፡ ናያሲን፡ ታያሚን፡ ዚንክ፡ ማግኒዚየም፡ ቫይታሚን ኤ፡ ቫይታሚን ሲን ይረኽቡ ከምዘየለዉ ተሓቢሩ።

ቀንዲ ምኽንያታት ናይ'ዚ ኣብ ኢስያ፡ ሓወሲ ሰሃራ ኣፍሪቃ፡ ሰሜን ኣመሪካን ኤውሮጳን ዚጋጥም ዘሎ ዋሕዲ ማዕድናት ኣብ ኣካላት፡ ሕጽረት ቀረብ መግቢ፡ ምህላኽ ዝተማስርሑ መግብታትን ጉድለት ኣፍልጦን ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ። እዚ ከኣ



ንጥዕና ሰብ ብደረጃ ዓለም ብኣሉታ ጸልዩዎ ከምዝርከብ ተፈሊጡ።

## ኣብ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ምድቃስ፡ ተኽእሎ ጸገማት ልቢ የጉድል

ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝተኻየደ ብዓይነቱ ሰፊሕ ዝበለ መጽናዕቲ ኑቲ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ዝተሳእኖ እኹል ድቃስ ንምትካእ ቀዳምን ሰንበትን ዝድቅሱ ሰባት፡ ብሰንኣት ድቃስ ክስዕብ ዝኽእል ሕማም ልቢ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ ምዃኑ ተሓቢሩ።

እዚ መጽናዕቲ ልዕሊ 90 ሽሕ ሰባት ዝሳተፈ ኰይኑ፡ ንከባቢ 14 ዓመታት'ዩ ተኻዪዱ። እዚ ኣብ'ዚ ዘመን ብዝበዝሐ ዝርአ ዘሎ ሕጽረት ድቃስ ዘተኰረ መጽናዕቲ፡ ኣብ መዓልቲ ትሕቲ 7 ሰዓታት ምድቃስ ከም ዘይእኹል



ብምግላል እዩ ገሊጽዎ ዘሎ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ፡ ሰራሕተኛ፡ ተመሃራይን ዋላ'ውን ዘይሰርሕ ሰብ፡ ብሕጽረት እኹል ድቃስ ክሳቐ ንብር ተርእዮ እናኾነ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ከምዝተሓብሮ፡ ሕጽረት ድቃስ ንዝተፈላለዩ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጸገማት የቃልዕ። ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ማለት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘለዋ መዓልታት ዝተሳእኑ እኹል ድቃስ ንምትካእ ቀዳመ-ሰንበት ምድቃስ፡ ተኽእሎ ሕማም ልቢ ብሓደ ሕምሲት ከምዝጎድሎ ይሕብር ኣሎ።

እዚ ዝምድና እዚ፡ ካብቶም ዕለታዊ ልዕሊ ሸውዓተ ሰዓታት ዝድቅሱ ሰባት፡ ኣብ'ቶም ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘይእኹል ድቃስ ዝረኽቡ ሰባት ዚያዳ ጎሊሑ ከምዝተራእየ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ መዓልታዊ ካብ ሸውዓተ ክሳብ ሸሞንተ ሰዓታት ድቃስ ምርካብ፡ ንጥዕና ኣእምሮ፡ ኣካላትን ስምዒታትን ኣገዳሲ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ እንተዘይተኻኢሉ ግን ኣብ'ተን ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ዝኾና ቀዳምን ሰንበትን እኹል ድቃስ ምድቃስ ኣድላዪ ምዃኑ ኣዘኻኺሮም።

## ልዑል ዓቐን ጨው፡ ጠንቂ ሕማም ስርዓተ-መትኒ. . .

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ የል፡ ኣብ ኣመጋግባ ልዑል ዓቐን ጨው



ምዝውታር፡ ጠንቂ ሕማም 'መድኀበ ስክሎረሲስ' (Multiple Sclerosis) ክኸውን ከምዝኽእል ሓቢሮም።

'መድኀበ ስክሎረሲስ'፡ ሕማም ስርዓት መትኒ ኰይኑ፡ መሓውርን ልሳንን ናይ ምቁጽጻር ጸገም ዘስዕብ'ዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ሕማም ንምፍላጥ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ምርምራት ክካየድ ጸኒሑ እዩ፡ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ከኣ፡ እዚ ሕማም ብዘይካ ብጀነ፡ ብኣከባቢያዊ ረቛሒታት ማለት ኣብ ኣመጋግባ ልዑል ዓቐን ጨው ብምዝውታር'ውን ክስዕብ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

እቶም ተመራመርቲ፡ ልዑል ዓቐን ጨው ኣብ CD4T ዝበሃሉ ዋህዮታት ነድሪ ብምፍጣርን ንጥፈታት ናይ'ቶም ስርዓተ ተጻዋርነት ዘቓቕሑ ዋህዮታት ብምጉንዳቡን፡ ሕማም 'መድኀበ ስክሎረሲስ' ከምዘስዕብ ኣረዲኦም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ልዑል ጨው ጠንቂ እቶም ንሕማም 'መድኀበ ስክሎረሲስ' ዝመሳሰሉ፡ ብምምዛባል ስርዓት ተጻዋርነት ዝስዕቡ ጸገማት ጥዕና ክኸውን ከምዝኽእል ከኣ ሞያዊ ግምታቶም ሂቦም።

## ተወሳኺ ንጥፈታት ምዝውታር፡ ተነጽሎን ገበንን ከምዘጉድል ተሓቢሩ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ፍሎሪዳ፡ ኣብ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ንጥፈታት ዝሳተፉ ቈልዑን መንእሰያትን ንጹላት ናይ ምዃንን ኣብ ዝተፈላለዩ ገበናዊ ንጥፈታት ናይ ምስታፍን ተኽእሎኦም ዝተሓተ ምዃኑ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ፡ መጽናዕቶም ኣብ 25 ሽሕ ኰተቴታት እዮም ኣካይዶምዎ። እዚ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዕድመ ኩትትና ዝርከቡ መንእሰያት፡ ኣብ ስነ-ጥበባዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ንቡእ ኣብ ክትዕ ኣብ ሳዕስዒት፡ ኣብ ምውሳእ ኣብ ስፖርትን ካልእን ምስ ዝሳተፉ ኣብኦም ዝህልዎ ጽልዋ ንምፍላጥ'ዩ ንብርክት ዝበለ ዓመታት ክሰላሰል ጸኒሑ።

ድሕሪ እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እቶም ብዙዛሕ ኣብ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ንጥፈታት ዝሳተፉ ዝበኑ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ትምህርቲ ሕማቕ ጠባይ ናይ ምንጽብራቕ፡ ኣብ ጭኣሰን ዝተፈላለዩ ገበናዊ ንጥፈታት ኣብ ምስታፍን ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ሰባት ናይ ምግላል ተኽእሎኦምን ኣዝዩ ትሕቲ ተረኺቡ።



ብተወሳኺ፡ ኣብ ስነ-ጥበባዊ ንጥፈታት ዝተሳተፉ ወለንተኛታት፡ ልዑል ናይ ነብሰ ምቁጽጻር ዓቕምን ርእሰ ምትእምማንን ዘለዎም፡ ስምዒት ካልኦት ሰባት ብዮገቡእ ዝርድኡን ብዙሕ ዘይሰላቸዉን ምስ ሰባት ከኣ ሕዉሳት ከም ዝኾኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ከለልዩ ክኢሎም።

መራሒ ናይ'ቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዶር/ ጀስ ቦን፡ ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝርአ ምስ ሰባት ናይ ዘይምውሳእ ባህሪ፡ ብኣጋኡ ምስ ዘይውገድ፡ ምስ'ቲ ቈልዓ ከም ቀዋሚ ባህሪ ተማሲሉ ሰሪጹ ስለዝጸንሕ፡ ኣብ ዝስዕብ ዓመታት ህይወቱ ብኣሉታ ክጸልዎ ልዑል ተኽእሎ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ ኣሉታዊ ባህሪ ዘለዎ ወላድ ዘለዎም ስድራ-ቤታት፡ ደቆም ከድምዕሉ ከምዝኽእሉ ኣብ ዝሓሰበዎ ስነ-ጥበባዊ ንጥፈታት ክሳተፍዎም፡ እቲ ዝተመርጸ ምኽሪ መኺሩ።

ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ኣመልኪቶም ኣብ ዝተኻየዱ ካልኦት መጽናዕትታት፡ ስነ-ጥበባውን ባህላውን ንጥፈታት፡ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕና ሰባት ልዑል ረብሓ ከምዘለዎ ክልለ ተኻኢሉ'ዩ።

## ድርቀት ከብዲ ንጥዕና ልቢ ብኣሉታ ከምዝጸልዎ ተገሊጹ

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሞናሽ - ኣውስትራልያ ብዝመደበርዎ ተመራመርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ድርቀት ከብዲ ሓደ ካብ ጠንቅታት ወቕዒ ልቢ፡ መጥቃዕቲ ልብን ድኻም ልብን ከምዝኸውን ተሓቢሩ።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ጥዕናዊ ሓበሬታ ልዕሊ 400 ሽሕ ሰባት ብምምልኻት እዩ ተኻዪዱ። ሕዱር ድርቀት ከብዲ ዘለዎም ሰባት፡ ካብ'ቶም በዚ ጸገም ዘይሳቐዩ ሰባት፡ ብጸገማት ልቢ ክጥቀዑ ዘለዎም ተኽእሎ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዕጽፊ ዝዛየደ ከምዝኾነ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። ብተወሳኺ፡ ጸቕጢ ደምን ድርቀት ከብድን ዘለዎም ሰባት፡ ንጸገማት ልቢ ክቃልዑ ዘለዎም ዕድላት ብ34 ሚእታዊት ልዒሉ ከምዝረኸበዎ ኣስፊሖም ኣጸፊሮም።

ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ክረኸብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምክያድን ሽጋራ ምትካኽን እቶም ካብ ነዊሕ እዋን ተለልዮም ዝጸንሑ ጠንቅታት ሕማም ልቢ እዮም። ቀንዲ ምኽንያት እቲ ሰብ ኣብ ሽቓቕ ምስ ኣተወ ኪጎጥጦም ዝጸንሐ ሕማም ልቢ ንምፍላጥ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ፡ ድርቀት ከብዲ ሓደ ካብ'ዞም ጸገማት ልቢ ክስዕቡ ዝኽእሉ ረቛሒታት ምዃኑ እዩ ክልለ ተኻኢሉ።



ንሳቶም፡ ሕዱር ድርቀት ከብዲ ብተደጋጋሚ ዚጋጥም ኰይኑ፡ ሰብ ቀልቀል ኣብ ዝወጽኣሉ ግዜ ንዓቕን ጸቕጢ ደምን ህርመት ልብን ብምልዓል፡ ንሓደጋ ከምዘቃልዕ ኣረዲኦም።

ድርቀት ከብዲ ሓደ ካብ'ቶም ልሙዳት ጸገማት ከስዑመዓንጣ እዩ፡ ብድኹም ኣመጋግባ፡ ምብዛሕ መድሃኒት፡ እኹል ማይ ዘይምስታይን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምክያድን ከኣ ክስዕብ ይኽእል።

እዚ ጸገም መጻንጥ ካብ ህዝቢ ዓለም ን14 ሚእታዊት ኣጥቂዑ ይርከብ፡ ተደጋጋሚ ድርቀት ከብዲ ኣብ ዝነዋሓ እዋን ኣብ ጥዕና ልቢ ዘለዎ ጽልዋ ንምልላይ ድማ፡ እቶም ተመራመርቲ መጽናዕትታት የካይዱ ምህላዎም ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓሚኤን<br>በት መሸጣ መድሃኒት ገጠ<br>በት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 8/09/2024 | ጎደና ሓሚኤን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሲዳው-<br>ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209 ፊት ሆስፒታል<br>ጎደና መረብ ቁ.18 ቆባቢ ካምፖ ቦሎ | 120205<br>125154<br>124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services